# ምሕያል ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ
## ተራ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን መድረኽ ህጻንነት



**ብተመራማሪ ሙሳ ሕሴን ናይብ**

**ብተመራማሪ ሙሳ ሕሴን ናይብ**

ነዚ ብተመራማሪ ሙሳ ሕሴን ናይብ ዝተዳለወ መጽናዕቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ “ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ” ብ16 ሰነ 2016 ብቋንቋ እንግሊዝ ጥራሕ ኣውጺኦዮ ነይረ። እቲ መጽናዕቲ ብዘለዎ ኣገዳስነት ብሓደ ወገን፣ ብ26 ጥሪ 2026 ዝተሰውአ ተጋዳላይ ሙሳ ናይብ ኣብ መዳይ መጽናዕቲን ምርምርን ንዘለዎ ተራ ንምዝኽኻር ድማ በቲ ካልእ ብትግርኛ ንዘርግሖ ኣሎና። ኲሉ ክጥቀመሉን ክፈልጦን ከኣ ዝምልከቶም ወገናት ንኲሉ ምርምራዊ መጽናዕቲታቱ ኣኪቦም ከሕትምዎ ንትስፎ። ህጻን ቀንዲ መሰረት ህንጻ ማሕበራዊ ፍትሒ ስለዝኾነ ኣብኡ ዝገበር ጥዑይ ልምዓት መሰረት መጻኢ ወልዶ እዩ።

## ጽማቕ

መንግስቲ ኤርትራ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን መድረኽ ህጻንነት ብናይ 49 ሚልዮን ዶላር ምወላ ኣብ መስከረም 2000 ኣበጊሱ። ዕላማ ናይ’ቲ ፕሮግራም ከኣ ትሕቲ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሚኦምን ኣብ ደረጃ መባእታ ትምህርቲ ዝርከቡ ፍሉይ ክንክን ዘድልዮም ህጻናትን ጥዑይ ዕቤትን ኣጠቓላሊ ምዕባለን ንኸርእዩ መሰረታዊ ጠለባቶም ምቕራብ። ኣብ መዳይ ጥዕናዊ ክንክንን ቅድመ ትምህርቲን ባህላዊ ኣፍልጦን ማሕበራዊ ከለላን ኣድላዪ ኣገልግሎታትን ሓገዝን ከም ዝረኽቡ ምግባር።
እዚ መጽናዕታዊ ወረቐት’ዚ፣ መረዳእታ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ኤርትራን ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን ህጻናትን ኣብ መንጐኦም ዘሎ ዝምድናታትን የብርህ። ናይ’ዚ መትከል’ዚ ቀንዲ መቐሚታት ብምብራህ ከኣ ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሒ ንዝካየድ ክትዕ የስፍሕን ንስትራተጂ ርእሰ ምርኮሳ ድማ የነጽር። ካብ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን መድረኽ ህጻንነት ዝምንጩ ቍጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ባዮሎጂካውን ጥቕሚታት ብመሰረት መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ምዕሩይን ቀጻሊን ቍጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ልምዓት ንምርግጋጽ ከም ዝሕግዝ እዚ መጽናዕቲ’ዚ የረጋግጽ። ከምኡውን እዚ ረብሓታት’ዚ ምዕሩይ ዕድላትን ፍትሓዊ

ምጅማር ሂወትን ብምውሓስ ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ይሕግዝ። እዚ መጽናዕታዊ ወረቀት'ዚ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ኣብ ኤርትራ ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ንምርግጋጽ ብኸመይ ኣበርክቶ ይገብር ከም ዘጽንዕ ይሕብር። ኤርትራ ብመትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ምምእዛዛ ድማ፡ ንዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ንምትግባር ከም ዝሕግዝ የረጋግጽ። እዚ ፕሮግራም'ዚ ኣብ ውሽጢ 8 ዓመታት ምትግባሩ፡ ኣገዳስነቱ ልዑል ከም ዝኾነ ተመኩሮ ኤርትራ የብርህ። ነቲ ዝድለ ዕላማ ንምውቃዕ ድማ ንዝያዳ ኣበርክቶ የተባብዕ። ከምኡ'ውን እዚ ወረቀት'ዚ ነቲ ዝተሰግረ ብድሆታትን ኣብ እዋን ትግባረ ዝተጠርየ ትምህርቲን ብነቐፌታዊ ዓይኒ ይትንትን። ብመሰረት'ቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ከኣ ነባሪ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ሕብረተሰብ ኮይኑ ክቕጽል እቲ ወረቀት ሓሳብ የቕርብ።

## 1-መቕድም

እዚ መጽናዕታዊ ወረቀት'ዚ ክልተ ዕላማታት ኣለዎ። **ቀዳማይ፦** እዚ መጽናዕቲ'ዚ ፍልስፍና ማሕበራዊ ፍትሒ ኤርትራን ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነትን ብምልዓል ኣብ መንጎ ክልቲኡ ዘሎ ዝምድና የነጽር። ከምኡ'ውን እዚ ፕሮግራም'ዚ ኤርትራ እትኽተሎ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምትግባር ዘለዎ ኣበርክቶ የጽንዕ። **ካልኣይ፦** እቲ መጽናዕቲ ነቲ ቀዳማይ ፕሮግራም ኣብ ምትግባር ኣብ ዝሓለፈ 8 ዓመታት ዝተጠርየ ተመኩሮ ኤርትራ ብምትንታን ካብቲ ዘጋጠሞ ብድሆታት ዝተረኽበ ትምህርቲ ብምግምጋም ኣብ ዝሓለፈ ተመኩሮታት ብምምርኳስ ኣብ ኤርትራ ነባሪን ተተግባርን ንኽኸውን ሓሳብ የቕርብ።

## ብመሰረቱ እዚ መጽናዕቲ'ዚ ኣብ ዓይነታዊ ኣገባብ ዝተመርኮሰ'ዩ

ኣብ መዳይ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን መድረኽ ህጻንነት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ተመኩሮን ኣብ ህጻን ዘለዎ ጽልዋን ዝምልከት ዝወጽእ ጽሑፋትን ሰነዳትን ይውከስ። ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን መድረኽ ህጻንነት ሰነዳዊ ትንታነ ኣካዪዱ። ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ትንታነታት ከኣ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጪታት ከም ኣዋጃት፡ ሕጋዊ ሰነዳት ኤርትራ፡ ናይ መንግስቲ ፖለቲካዊ መግለጺታትን መምርሒታትን፡ ጸብጻባት ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን መድረኽ ህጻንነት፡ ናይ'ቲ ፕሮግራም ሰነዳት፡ ኣብ'ቲ መደብ ዝተኻየዱ ገለ ምርምራት፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝተዘርግሐን ዘይተዘርግሐን ስርሓትን ሰነዳትን ተጠቒሙ። ተመራማሪ ኣብዚ መዳይ'ዚ ንሽዱሽተ ዓመታት ዝቀጸለን ብናይ ሓደ ዓመት ስልጠና ዝሃብተመን ሞያዊ ምርምሩ ካብ "ኣህጉራዊ ክንክን ልምዓት ህጻናትን መንእሰያትን" ምስክርነት ንኽረክብ ሓጊዙዎ እዩ።

## <u>ኣርባዕተ ክፋላት ምርምራዊ ጸብጻብ</u>

**ቀዳማይ ክፋል፦** ፍልስፍና ማሕበራዊ ፍትሒ ብኣጠማምታ ኤርትራ ይገልጽ።
**ካልኣይ ክፋል፦** ብሓፈሻኡ ንኣገዳስነት፡ ኣቃውማን መረዳእታን ፕሮግራም ኣህጉራዊ ልምዓትን ክንክንን ህጻናትን መንእሰያትን ይትንትን።

**ሳልሳይ ክፋል፦** ብዛዕባ ፕሮግራም ኣህጉራዊ ልምዓትን ክንክንን ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ኤርትራን ዓወታቱን ብድሆታቱን እቲ ምርምር ዝበጽሖ ውጽኢትን የቕርብ።

*መወዳእታ ክፋል፦* ኣብ መጨረሽታ ከኣ ንነባሪ ፕሮግራም ልምዓትን ክንክንን ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ትሕቲ ሕብረተሰብኣዊ ዋንነት ሓድሽ ሓሳብ የቕርብ።
እዚ መጽናዕታዊ ወረቀት'ዚ ኣብ'ቲ ኤርትራ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ እተካይዶ ቃልሲ ምቅሉል ኣበርክቶ ክህልዎ ከም ዝኽእል ተመራማሪ ዓሚቝ እምነት ኣለዎ። ብደረጃ ሃገር ትግባረ ፕሮግራም ኣህጉራዊ ልምዓትን ክንክንን ህጻናትን መንእሰያትን ነቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ውጽኢት ንምርግጋጽ ሓደ እስትራተጂያ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## 2-ማሕበራዊ ፍትሒ ብመንጽር ኤርትራ

### ሀ- ትግባረ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ

ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኢሉ ዘካየዶ ኩናት፡ እንኮላይ ብመትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ተመሪሑ ንዝበለጸ መጻኢ ኢሉ'ውን እዩ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ 1994) መረዳእታ ማሕበራዊ ፍትሒ ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ብንጹር በሪሁ ኣሎ። ብመሰረት ቻርተር ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንናይ ዝበዝሑ ጠለባት ዘማልእ ቀጻሊን ምዕሩይን ልምዓት ምርግጋጽ ማለት እዩ። ከምኡውን እቲ ቻርተር ኣብ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሂወት ናይ ኩሎም ዜጋታት ፍትሓዊ ተሳትፎ የውሕስ። ብኣንጻሩ ከኣ ንኩሉ ዓይነታት ዕብለላ ይነጽግ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 1994) ብመሰረት ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ "ቍጠባውን ማሕበራውን ደሞክራሲ፡ ፍትሓዊ ምቅርሐ ጸጋታትን ኣገልግሎታትን ዕድላትን፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኑቶም ዝያዳ ዝተሃሰዩ ወገናት ፍሉይ ኣቃልቦ ምግባር ማለት እዩ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 16/1994) ከምኡ'ውን መረዳእታ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ፖሊስታት መንግስቲ ይንጸባረቕ እዩ። እዚ ፖለቲካዊ ሰነድ'ዚ ከኣ ጽላታዊ ኣሰራርሓ ብመትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ከም ዝምራሕ ይሕብር። "መትከላዊ መምርሒ ማለት ከኣ ኣብ ጸጋ-ሰብ ዝተመርኮሰ ልምዓታዊ መምርሒ ምኽታል ማለት እዩ። እዚ ድማ ቍጠባዊ ብቕዓት፡ ማሕበራዊ ፍትሒን ከባብያዊ ድሕነትን የውሕስ። ንኣብነት ቍጠባውን ማሕበራውን ጽላታት ዝገልጽ ንረቛሒታት መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ዘንጸባርቕ ብርክት ዝበለ መንግስታዊ ኣዋጃት ወጺኡ እዩ። ገለ ካብ'ቲ ቀንዲ ኣዋጃት፡ ቀጻሊ ዕብየት ንምርግጋጽ ንመደባት ሕውየትን ዳግመ ህንጻን ዝገልጽ ኣዋጅ ቁጽሪ 17/91፡ ንዜጋታት መሰረታዊ ሃለኽቲ ንምቅራብን ካብ'ቲ ድኻታት ክጻወርዎ ዘይኽእሉ ምግልባጥ ዕዳጋታትን ክብሪ ዋጋታትን ንምሕላውን ዝዓለመ ንግዳዊ ትካል ቀይሕ ባሕሪ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 29/93፡ ሓረስቶት ንምሕላውን ንምሕጋዝን፡ ካብ'ቲ ንድኻታት ብጽኑዕ ዝጕድእ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ባህርያዊ ሓደጋታት ህጹጽ ሃገራዊ ጸገማትን ዝሕሉ ባይቶ እኽሊ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 30/93፡ ንመሰላት ሰዉኣትን ካልኦትን ዝገልጽ ኣዋጅ ቁጽሪ 137/2003፡ እዚ ፖሊስታት'ዚን ካልእ ኣብ ርትዒ ዝተመርኮሰ ንድኻታት ኣቓልቦ ዝሀብ ተመሳሳልት ፖሊስታትን ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምሕያል ዓቢ ኣስተዋጽኦ ክህልዎ እዩ። ብመሰረት ሃገራዊ ቻርተር፡ መጻኢ ራኢይ ኤርትራ ሽዱሽተ መሰረታዊ ዕላማታት ዘጠቓለለ እዩ።

ሓደ ካብ'ቲ መሰረታዊ ዕላማታት ማሕበራዊ ፍትሒ ክኸውን ከሎ፡ እቶም ካልኦት ሓሙሽተ ዕላማታት ከኣ፡ (ሃገራዊ ስኒት፡ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ልምዓት፡ ባህላዊ ሂወትን ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕግጋዝን) ይሓቑፍ። ሃገራዊ ቻርተር ራኢይ ኤርትራ ንምርግጋጽ ብሽዱሽተ መሰረታዊ መትከላት ይምራሕ። ቀንዲ ካብኡ ኸኣ መትከል ርእሰ ምርኮሳ (ነቲ ካልእ መትከላት ንምርዳእ ከኣ ካብ ገጽ 12-18 ሃገራዊ ቻርተር ምርኣይ ይከኣል።) ስለዚ

ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ሓደ ናይ'ቲ ራኢይን ርእሰ-ምርኮሳን መቆሚ ስለዝኾነ ክትግበር ዘለዎ እስትራተጂ እዩ። ስለዚ መትከል ርእሰ-ምርኮሳ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ቅድሚ ንዘተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ማሕበራዊ ፍትሒን ሽነኻቱ ምክታዕና፡ መማእዘኒ መትከል ምዃኑ'ውን ምርዳእ የድሊ። ቀጻልነት ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምውሓስ ኩሉ ሽነኻቱ ብግብሪ ምትግባር የድሊ።

## ለ- ርእሰ-ምርኮሳ

መትከል ርእሰ ምርኮሳ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ዝፍለጥን ብዝርዝር ዝግለጽን እዩ። ነዚ ዝስዕብ ከኣ ይገልጽ።

ርእሰ ምርኮሳ ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ባህላውን መዳያት መሰረታዊ መትከል እዩ። ፖለቲካዊ ትርጉሙ ናጻ መስመር ምኽታልን ንውሽጣዊ ኩነታት ቀዳምነት ምሃብን እዩ። ብቍጠባ ድማ ርእሰ ምርኮሳ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕሚ ምምርኳስን ምምዕባልን እዩ። ብባህላዊ መዳይ ከኣ፡ ምውናን ርእሰ ምትእምማንን ምምዕባል ፍሉይ ባህላዊ ውርሻን እዩ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 10/1994)

መትከል ርእሰ ምርኮሳ መሰረት ቀጻሊ ልምዓት እዩ። ከምኡውን ናይ ቀጠባዊ ልምዓት፡ መሰረት ዘመናዊ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ምምዕባል ሃገራዊ ባህሊን ናይ ኩሎም ዜጋታት ምምሕያሽ ማሕበራዊ ሂወትን መካኒዝም እዩ። እቲ ዝኸበረ ዕላማ ከኣ ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 1994) ብመሰረት'ዚ መትከል'ዚ፡ ኣብ ሃገራዊ ሞያ ተመርኲስካ ምስ ሃገራዊ ኩነታት ብዝሳነ፡ ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ውጥን ምውጻእ እዩ። እዚ መትከል'ዚ ኸኣ ምስ ውሽጣዊ ኩነታት ብዝሳነ ብውሽጣዊ ፍታሕ ንዘጋጥሞ ብድሆታት ይምክት። ንናይ ወጻኢ ኣብነታት ከም ሞዴል ክወስድ ድማ ኣይመርጽን። ኣብ ውሽጣዊ ዓቕሚታትን ሞያን ምምርኳስ ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ ይኣምን። ውሽጣዊ ዓቕሚ ምምዕባል ቀዳምነት ይህቦ። እዚ መትከል'ዚ ናይ ወጻኢ ወፍሪታትን ሓገዛትን ኣገዳሲ ምዃኑ ይኣምን። ይኹን'ምበር እቲ ዝውሃብ ሓገዛት ብቀዳምነት ንውሽጣዊ ብቕዓታት ዘማዕብል ክኸውን ከምዘለዎ'ዩ ዝሕብር። ንሰብኣዊ ምዕባለ ድማ ዝለዓለ ኣቃልቦ ይህበሉ። ምኽንያቱ ንብልጽግና ሃገር እቲ ዝዓበየ ምንጪ ስለዝኾነ። (ቍጠባውን ፖለቲካውን ዋዕላ 1994) እዚ መስመር'ዚ ኣብ ኩሉ መዳያት ንቀጻሊ ልምዓት ዘውሕስ ምዃኑ ድማ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣብ ኤርትራ መትከል ርእሰ ምርኮሳ ጭርሖ ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ 30 ዓመታት ዝቀጸለ ሓርነታዊ ኩናት'ውን ብርእሰ ምርኮሳ ዝልለዩ ነይሩ። ነዚ ሓቒ'ዚ ኸኣ ፋየር ብሪስ ኣረጋጊጹዎ እዩ። "ርእሰ ምርኮሳ ሓደ ካብ ጭርሖታት ሰውራ ኤርትራ ምዃኑ ተዓዚበ። ዑደት ኣብ ዘካየድናሉ እዋን፡ ትርጉም ዘይብሉ ጭርሖ ከምዘይኮነ ኣረጋጊጽና። እኳ ድኣ ዘይንዘል ኣካል ናይ ኩሎም ቍጠባዊ ንጥፈታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ እዩ። (71፡ 1986) ኣስዒቡ "ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ርእሰ ምርኮሳ ዝተሰረተ ልምዓታዊ እስትራተጂ ምትግባሩ፡ ቀዳሞት ተረባሕቲ ናይ'ዚ ፕሮግራም'ዚ እቶም ኣዝዮም ድኻታትን ተኣለይቲን ክፍሊ ሕብረተሰብ እዮም።"

ድሕሪ'ዚ ሓጺር መረዳእታ፡ ርእሰ ምርኮሳ ብኸመይ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ይትግብር ቅድሚ ምርኣይና፡ ሕጂ ናብ'ቲ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ ክንርኢ ኢና።

## ሐ- ቍጠባዊ መዳይ ማሕበራዊ ፍትሒ

ማሕበራዊ ፍትሒ ማለት ቀጠባዊ ደሞክራሲ እዩ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ 1994) እዚ ማለት ከኣ ፍትሓዊ፡ ሓያል፡ ምዕቡል፡ ምዕሩይን ቀጻሊን ቍጠባ እዩ። ጸጋታት ሃገር ብርትዓዊ ኣገባብ ብምምቃራሕ ኩሉ ከም ዝረብሕ ምግባር። ሃገራዊ ቻርተር ንማሕበራዊ ፍትሒ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ።

ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን ንዘሎ ፍልልይ ቍጠባዊ ዕድላት የጽብብ። ንሃገራዊ ጸጋታት ኣብ መንጎ ኩሎም ዜጋታት ብርትዓዊ ናይ ምምቃራሕ ውሕስነት ይፈጥር። ኣብ መንጎ ገጠራዊ ከባቢታትን ከተማታትን ማእከልን ወሰናስንን ንዘሎ ናይ ልምዓት ጋግ የጽብብ። ኣብ መኣእ ሃገር ምዕሩይ ልምዓት ንምርግጋጽ የውሕስ። ሰባት ፍረ ጻዕሮም ንኽረኽቡን ብመገዲ ስራሕ መነባብሮኦም ንምምሕያሽን ክብሪ ስራሕ ንኽርድኡን ምቹእ ኩነታት ይፈጥር። ኣብ ውሳነታት ቍጠባዊ መዳይ ብዝምልከት ብውሽጣውን ሃገራውን ደረጃ ኣጠቓላሊ ተሳትፎ ንምርግጋጽን ናይ'ቶም ዝበዝሑ ውጹዓትን ዝተጎስዩን ወገናት ድምጺ ከም ዝሰማዕ ኣብ ምግባርን ውሕስነት ይህብ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 25-26/1994)

ኣብ ኤርትራ ክረጋገጽ ዝድለ ዘሎ ራኢይ መጻኢ ማሕበራዊ ስርዓት ከኣ እዚ ዝተጠቕሰ እዩ። እዚ ቍጠባዊ ስርዓት'ዚ ኸኣ መሰረት ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ስርዓት እዩ። ብመሰረት መግለጺ ሃገራዊ ቻርተር፡ "ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ብዘይ ፍትሓውን ምዕቡልን ቍጠባዊ ስርዓት ክምስረት ኣይክእልን እዩ። ማሕበራውን ቍጠባውን ደሞክራሲ ኣብ ዘይብሉ፡ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ክህሉ ኣይክእልን እዩ።" (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 24/1994)

## መ- ፖለቲካዊ መዳይ ማሕበራዊ ፍትሒ

ሃገራዊ ቻርተር ኣብ ክሊ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝምስረት ፖለቲካዊ ስርዓት ዓይነት ብኸምዚ ዝስዕብ የነጽር።

ሕጊን ስርዓትን ዘኽብር ርጉእ ፖለቲካዊ ስርዓት ይኸውን። መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት የውሕስ። ኣብ ተሓታትነት፡ ግሉጽነት፡ ብዙሕነትን ስኒትን ይምስረት። ሰፊሕ ማሕበራዊ መሰረት ዘለዎን ውሳነታት ኣብ ምሕላፍ ንኩሉ ዘሳትፍን ፖለቲካዊ ስርዓት ይኸውን። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 20-21/1994)

ከምኡ'ውን ኣብ ሃገር ፖለቲካዊ ምልኣት፡ ንደሞክራስያዊ ስርዓትን ፖለቲካዊ ስርዓትን ዘቅውም ተመሳሳሊ መትከላት ዘረጋግጽ እዩ። እቲ ፖለቲካዊ ሰነድ፡ ዕላማታት ሃገራዊ ልምዓት፡ "ዘይምእኩል ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ስርዓትን መሰላት ወዲ ሰብን እተኽብር ናጻን ሉኣላዊትን ሃገር ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ።" (መንግስቲ ኤርትራ፡ 10-11/1994) ስለዚ ብመሰረቱ ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ ፖለቲካዊ ዕምቆት ኣብ ወዲ-ሰብ ዘተኮረን ኣጠቓላሊን ኣብ ምሕላፍ ውሳነታት ድማ ኣብ ርትዒን ሽርክነታዊ ስርዓትን ዘድሃበን ምዃኑ፡ እቲ ሃገራዊ ቻርተርን ፖለቲካዊ ምልኣትን ብዘየወላውል ኣብሪሁዎ ኣሎ። እቲ ኣቐዲሙ ኣብ ክሊ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝተዘርበሉ ቍጠባዊ ናጽነት፡ ብዘይ ናይ ወጻኢ ምትእትታው ምስ ክውንነት ዝሳነ ዝሓሸ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምምራጽ ዕድል ዝህብ እዩ። ከምዚ ዓይነት ፖለቲካዊ ስርዓት ከኣ፡ መሰርሕ ህንጸትን ሓድነትን ስኒትን ሃገር ዘደልድል፡ ናጽነትን ሉኣላውነትን ሃገር ዘውሕስን ኣብ መትከል ሓድሕዳዊ ምክብባርን ረብሓን ክብርን ዝቆመ ዝምድና ንምህናጽ ዝሕግዘን እዩ።

## ረ- ማሕበራዊ ዕምቆት ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ

ምዕሩይ ዕድላት ንምፍጣር ኣብ ኩሉ ማሕበራውን ፖለቲካውን ኣገልግሎት፡ ነቶም ዝወሓደ ዕድላት ዘለዎም ወገናት ሕብረተሰብ ቀዳምነት ብዝህብ ፍትሓዊ ምቅርሓ ዘቅርብ ማሕበራዊ

ፍትሒ ክህሉ ኣለዎ። እዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ብኸምዚ ዝስዕብ ብዝርዝር በሪሁ ኣሎ። "ምዕሩይ ዕድላት ትምህርቲ ምርግጋጽ፡ ኣብ መላእ ሃገር ኣገልግሎት ጥዕና ብፍትሓዊ ኣገባብ ምዝርጋሕ፡ ከምኡ'ውን ኩሎም ዜጋታት ግድን ርትዓዊ ምቅርሐ ኣገልግሎት ማይን መንበሪን መስመራት ረሳሕ ፈሳሲን መራኽቢታትን ክረኽቡ ኣለዎም። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 33-34/1994) እቲ ዕላማ በብዓይነቱ መደባት ሰብኣዊ ልምዓትን ውሕስነት ብልጽግናን ብምርግጋጽ ደረጃ መነባብሮ ሕብረተሰብ ናብ ዝበለጸ ክብ ምባል እዩ።

ከምኡ'ውን ሃገራዊ ቻርተር ህግደፍ ምስ ትግባረ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ናይ ኩሎም ዜጋታት ማሕበራዊ መሰል ብኸምዚ ዝስዕብ ከም ዘኽብር ኣረጋጊጹ ኣሎ።

ኤርትራ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ክብርን ዘኽበረላ መሬት መዓርነትን ፍትሒን ንምግባር ዘይተቐጠበ ጻዕሪ ንገብር ኣሎና። ማሕበራዊ መሰላት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሰራሕተኛታት፡ ህጻናት፡ ስደተኛታት፡ ፍሉይ ጠለባት ዘድልዮምን ካልኦት ሓገዛት ዝግብኦምን ግድን ክኽበር ኣለዎ። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 35/1994) ትምህርታዊ ፖሊሲ'ውን ብመትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋግጽ እዩ። ሓደ ካብ መትከላዊ መምርሒታት ትምህርታዊ ስርዓት ማሕበራዊ ርትዒን ፍትሒን እዩ። (ሚኒስትሪ ትምህርቲ 2010)። ስለዚ ከኣ ተማእዛዝነት ብማሕበራዊ መሰላት ኣብ ስርዓተ ሕጊ ብዕምቆት ዝንጸባረቕ እዩ።

### ሰ- ባህላዊ መዳይ ማሕበራዊ ፍትሒ

ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ግድን ክዕቀብን ክምዕብልን ክህብትምን ዘለዎ ባህሊ ሃገራዊ ቻርተር ብዝርዝር ኣብሪሁዎ ኣሎ። ኣብ'ቲ ሃብታምን ብዙሕነት ዘለዎ ባህላዊ ውርሻ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝማዕበለ ባህሊን ምስ ክውንነት ኤርትራ ዝሳነ ኣህጉራዊ ባህሊን ዝተመርኮሰ ሓድሽ ባህሊ ክምዕብል ድማ ይጽውዕ። ቀንዲ መለለይታታት ናይ'ዚ ባህሊ'ዚ ከኣ "ርእሰ ምርኮሳ፡ ርእሰ ተኣማንነት፡ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን፡ ጅግንነትን ተወፋይነትን፡ ምኽባር ሰብኣውነት፡ ምድግጋፍ ኣብ መንጐ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን፡ ምፍንጫል፡ ምድሕርሓር፡ ጸቢብ ኣተሓሳስባን ድንቁርናን ዝነጸገ ደሞክራሲያዊ ባህሊ፡ ዝኽሪ ሰማእታት ምኽባር፡ ወዘተ (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ 30-32/1994) እዚ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ሕብረተሰብ ግድን ክሰርጽ ዘለዎ ገለ ክፋል ሃገራዊ ባህሊ እዩ።

ብመሰረት'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ክትዓትን ምይይጣትን፡ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ብኹሉ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሸነኻቱ ብስትራተጂ ርእሰ ምርኮሳ ዝተሓገዘን ኣብ ቀንዲ ሰነዳት ሃገራዊ ሕጊታት ዝዓሙቑን ምዃኑ የረጋግጽ። ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲን ድሕሪኡን ዘሎ መትከል መሰርሕ ልምዓት ሃገር ዘማእዝን መሰረታዊ እዩ።

## ኣብ መድረኽ ህጻንነት ዝተማልአ ክንክንን ልምዓትን

### ሀ- ምርዳእ መረዳእታ ዝተማልአ ክንክንን ልምዓትን መድረኽ ህጻንነት

ኣብ መድረኽ ህጻንነት፡ ህጻን ብግቡእ ክዓብን ክምዕብልን ኣድላዪ ዝበሃል መሰረታዊ ኣገልግሎት ንኽቕረበሉን ዝተወሃሃደን ኣጠቓላሊን ኣገባብ ከም ዝሓትት ዝተማልአ ልምዓትን ክንክንን መድረኽ ህጻንነት ይሕብር። (ዮንግ፡ 2000) እዚ መረዳእታ'ዚ ከኣ እንኮላይ ነቲ ንኣቦታትን ክንክን ንዝገብሩን ዘጠቓልል እዩ። ብኣገላልጻ ሃይድን ካቢሩን ኣብ ክሊ ፕሮግራም "መድረኽ ማሕበራዊ ህጻንነት" ዝውሃብ ኣገልግሎታት ከም ትምህርቲ፡ ምድላው ቤት ትምህርቲ፡ ምቕራብ መሰረታዊ ጥዕናዊ ክንክን፡ እኹል ኣመጋግባን ሓጋዚ ኣከባቢ ምድላውን የጠቓልል። (20/2006) ከምኡ'ውን እዚ ዝተፈላለየ ዕምቆት ዘለዎ ኣገልግሎታት'ዚ ግድን ናይ ጽላታት ሓጹራት ክኣሊን

ዝድለ ውጽኢት ንምርካብ ድማ ሓቢርካ ምስራሕ ዝሓትትን እዩ። እቲ ዕላማ ከኣ ብዝለዓለ ደረጃ መሰል ህጻን ኣብ ምምዕባል ኣካላውን ማሕበራውን ኣእምሮኣውን ፍቕራውን ዓቕሙ ምርግጋጽ እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ ተረዲእካ ዝትግበር እዩ። መሰረት ሰብኣዊ ዕብየት ኣብ'ቲ ናይ መጀመርታ መድረኽ ህጻንነት ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ኣጠቓላሊ ኣገልግሎታት'ዚ ኣብ'ቲ ናይ መጀመርታ መድረኽ ምርግጋጽ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። (መስተርድ 2000) እተን ቀዳሞት ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ዕቤት ህጻን ኣገደስቲ ምዃነን ከኣ ናይ ጥዕናውን ኣተዓባብያን ምርምራት የረጋግጹ። (ዮንግ፣ 1996) ንብሎም (1964) ብምምልካት ከም ዝሓበሮ፣ ፍርቂ ናይ ምሕሳብ ዓቕሚ ግለሰብ ኣብ ራብዓይ ዓመቱ'ዩ ዝህነጽ። “ንጠለባት ንኣሸቱ ህጻናት ኣብ ምምላእ ዝሰርሕ ናይ ሰራሕ ጉጅለ ኮለጅ ካርኒጂ” (1994) ብምጥቃስ፣ ካብ መጽናዕቲታቶም ነዚ ዝስዕብ ውጽኢት ኣብሪሁ። ቅድሚ ሕርሲን ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ዕድመ ህጻንን ሕጽረት ኣመጋግባ ምስ ዘጋጥም፣ ኣብ ዕቤት ሓንጎል ሓደገኛ ጽልዋ ኣለዎ። እዚ ኸኣ ናይ ኣእምሮ ጭንቀት ከም ናይ ምምሃር ሽግርን ድሕረት ኣተሓሳስባን ይፈጥር። ኣብቶም ጽቡቕ ኣመጋግባ ዝረኸቡ ተጻወቲ ኣዕሩኽን ዝጠብዉ ህጻናትን ዝርአ ብዙሕ ምልክታት ኣሎ። ምስቶም ጽቡቕ ክንክን ዘይረኸቡ ብምንጽጻር፣ እቶም ሰሩዕ ክንክን ዝረኸቡ ኣብ 12 ዓመት ዕድሚኦም ዝበለጸ ናይ ሓንጎል ኣተሓሳስባ ኣለዎም። (ዮንግ 5/1996) ኣህጉራዊ ባንክ ብዛዕባ ኣገዳስነት ኣመጋግባ ኣብ ዕቤትን ምጥፉእ ድኽነትን መልኪቱ “ዘካየዶ መጽናዕቲ ሕጽረት ኣመጋግባ ንዕቤት ቍጠባ ከም ዝጉትትን ድኽነት ከም ዝፈጥርን ይሕብር። (ኣህጉራዊ ባንክ 1/2006) ኣብ ክሊ'ዚ ፕሮግራም'ዚ ንህጻናት ኣገልግሎት ንምሃብ ዘኽእል ዝተፈልየ ኣገባባት ኣሎ። ምስዚ ኩሉ ግን እቲ ፕሮግራም ዓርኪ ህጻን ክኸውን ብሓፈሻኡ ኩሉ ዝሰማምዓሉ እዩ። ኣብ ስድራቤት ዘተኩር፣ ኣብ ሕብረተሰብ ይምርኮስ። ብመገዲ ዝተፈላለየ ዕምቀት ዘለዎ ሕጊታትን ፖሊስታትን ሃገራዊ ሓገዝ ይረክብ።

ብኣጠቓላሊን ሓፈሻውን ኣገባብ ይቀርብ። (ሃይድን ካቢሩን 2006፣ ትምህርቲ ንኹሉ፣ ዓለማዊ ትካል ምርምር 2007) ነዚ ኣገልግሎት'ዚ ብዝተፈላለየ መልክዕን ቦታን ከተቅርቦ ይከኣል እዩ። ከም ማእከላትን ገዛውቲን ወይ ብዘይሕጋዊ መልክዕ ኣብ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ህጻን እተኣልየሉ ኣከባቢ ወይ ብሕጋዊ ይኹን ብዘይሕጋዊ ኣብ ክሊ ዝተወደበ (ከም ማእከላት ክንክን ህጻናትን ልምዓት ህጻናትን)፣ ምምሃር ኣቦታትን ኣደታትን የጠቓልል። ንኣጠቓላሊ ልምዓት ህጻናት ከኣ ኣጠቓላሊ መገዲ ክንክተል ይጽውዕ። እንኮላይ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ስምዒታውን ወገናቱ። (ካቅ 2000) ከምኡውን እዚ ፕሮግራም'ዚ ብጥዕናን ኣመጋግባን ኣደ ይግደስ። ብተወሳኺ ፕሮግራም ምስልጣን ወለድቲ (መንግስቲ ኦክላንድ፣ 2005) ቅድሚ ሕርሲን ድሕሪኡን ዝግበር ክንክንን ሓገዝን ክመሓየሽ ኣለዎ። ሞት ኣደታት ምጉዳል፣ ኣብ እዋን ጥንሲን ባህርያዊ ምጥባውን ምምሕያሽ ጥዑይ ኣመጋግባን ካብ መሰረታዊ ጉዳያት ናይ'ቲ ፕሮግራም እዩ። እዚ ንጥፈታት'ዚ ጥዑይ ቆልዓ ንኽውለድን ንኽዓብን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። መንግስቲ ማላዊ 2005፣ መንግስቲ ጋና 2006፣ ሎራ 2004፣ ሰሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፣ ጽቡቕ ኣመጋግባ፣ ኣካላዊ ጥዕና ንነፍሰ ጾራት ደቂኣንስትዮ ኣገዳሲ ምዃኑ የረጋግጽ። እቲ ፕሮግራም ደረጃ ንቕሓት ኣለይቲን ኣቦታትን ክብ ንምባል፣ ህዝቢ ምጉስጓስን ብዛዕባ ጥዑይ ህጻን ናይ ምዕባይ እስትራተጂ ምምሃር ኣገዳሲ ምዃኑ ምዕጋብን ይሰርሕ። ካልእ ዕላማታት ናይ'ቲ ፕሮግራም ለኣ ነቶም ኣብ ሕብረተሰብ ዝተሓረሙን ናብ ሓደጋ ዝወደቁን ህጻናት ማዕረ ዕድላት ንኽረኽቡ ውሕስነት ምሃብ እዩ።

## ለ- ብልጫ ወፍሪ ኣብ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት

ኣብ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ዝግበር ወፍሪ ንሃገራት ብዙሕ ብልጫታት ዝህብ እዩ። ስለዚ ኸኣ እዚ ፕሮግራም'ዚ ዝህቦ ገለ ቀንዲ ቊጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ጥቕሚታት ከነብርህ ኢና።

### ቀዳማይ፦ቊጠባዊ ብልጫታት

ኣብ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ዝግበር ወፍሪ ኣብ ቀጻሊ ቊጠባዊ ልምዓት ሕብረተሰብ ኣበርክቶ ኣለዎ። ብጽቡቕ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ፍቕራውን ኣገባብ ዝዓቢ ህጻን፡ ዝያዳ ዝሰርሕን ኣብ ኣፍራዩ መዚ ዝዋሳእን ኣብ ቊጠባዊ ልምዓት ሕብረተሰብ ኣበርክቶ ዝገብርን እዩ። (ዮንግ፡ 2000) ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ፡ እቲ ፕሮግራም ነደታት ደቀን ናብ መናበዩን መውዓሊን ህጻናት ንኽልእኻ ዕድል ይህበን እዩ። እዚ ድማ ንደቂኣንስትዮ ካብ ናይ ገዛ ስራሕ ናጻ ዝገብርን ፋይናንሳዊ መኽሰብ ንኽረኽባን ኣብ ሕብረተሰብ ኣድማዕቲ ኣባላት ንኽኾናን ዝሕግዘን እዩ። (ዮንግ፡ 1996)

ኣብ መጨረሽታ፡ ኣብ መድረኽ ህጻንነት ዝግበር ወፍሪ፡ ነቲ ኣብ ጥዕናዊ ክንክንን ምሕያል ትምህርቲን መድረኻት ሂወት ህጻናት ዝካየድ ማሕበራዊ ልምዓትን ዝቀርብ ጠለባትን የጠቓልል። ምስ ፍጻመታት ዝተኣሳሰር ወጻኢታት'ውን የውሕድ። (ሃይድን ካቢሩን፡ 2006፡ ፍሪዘር 2000፡ ሞስታርድ 2000) ኣብ "መድረኽ ህጻንነት ዝካየድ ወፍሪ ነተን ድኽነት ንምጥፋእ ዝጽዕራ ሃገራትን ከባቢታትን ኣገዳሲ ምኳኑ ኣግሊሰላስን ሸላላን ይሕብሩ። (303፡ 2000)፡ ኣብ ትምህርቲን ኣብ ዝተማልአ ክንክን መድረኽ ህጻንነትን ዝግበር ወፍሪ፡ "መጠን ናይ'ቶም ናብ መድረኽ ቅድመ ትምህርቲ ዝጽንበሩ ናብ 25% ክብ ከም ዝብል እቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ይሕብር። ፍልጠት ንምምሕያሽ ኣብ ዝግበር ድማ ናይ 10.6 ቢልዮን ዶላር ኣሜሪካ ክሳራ የውርድ። 50% ማለት 33.7 ቢልዮን ዶላር ክጎድል ይኽእል እዩ። (www.thelancet.com) መወከሲ ቁጽሪ 378 ጥቅምቲ 8/2011.

### ካልኣይ፦ ማሕበራዊ ብልጫታት

ኣብ ትምህርቲን ዝተማልአ ክንክን መድረኽ ህጻንነትን ዝግበር ወፍሪ ብዙሕ ማሕበራዊ ዕላማታት እንኮላይ ኣብ ምርግጋጽ ፍትሒን ሰብኣዊ ልምዓትን ምሕላው መሰል ህጻንን። ብቀዳምነት ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ናይ ምንባርን ብዘይኣፈላላይ ብምሉእ ጥዕና ናይ ምዕባይን መሰረታዊ መሰል ህጻን ዘማልእ እዩ። ከምኡውን ንኩሉ ጠለባቱ ዘማልእ ሰላማዊ ዕብየትን ክንክንን ይረክብ። ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ንድኻታትን ዝተሓረሙን ነቶም ክትበጽሖም ዘጸግምን ህጻናት ጥዑይ መግቢን ማይን መስመር ረሳሕ ፈሳሲን ማሕበራዊ ከለላን ጥዑይ ኣከባቢን ከተረጋግጸሎም ዘኽእል እዩ። ክቡር ሂወት ንኽነብሩ ድማ ምዕሩይ ዕድላትን ፍትሓዊ ኣጀማምራ ክህቦም ይኽእል። ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ንናኣሽቱ ህጻናት ብዝገብሮ ኣቀዲምካ ናይ ምምሃርን ምዝካርን ዕቤትን ንትምህርቲ ድልዋት ይገብሮም። (እድርያና፡ ጃራሚሎ፡ ኣለንን ሚንጋትን 2008፡ ሃይደን ካቢሩን 2006)፡ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ምስ ሰብኣዊ ልምዓት ጥቡቕ ምትእስሳር ኣለዎ። ነዚ ጉዳ'ዚ ኸኣ ጋግ (63፡ 2000) ብኸምዚ ዝስዕብ ክብሪ ኣብሪሁዎ እዩ።

“ልምዓት መድረኽ ህጻንነትን ሰብኣዊ ልምዓትን ጥቡቕ ምትእስሳር ኣለዎ።” ስለዚ ከኣ ኣብ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ዝግበር ወፍሪ ኣብ ሰብኣዊ ብልጽግና ኣበርክቶ ኣለዎ። (ኣይጋትዝን ሮፍረትን፡ 2007፡ ኣይልፊልድን ኤሊንን 2000) ዮንግ (1996) ።

**ሳልሳይ፦ ባህላዊ ብልጫታት**

ትምህርታዊ ፕሮግራምን ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነትን ጥዑይ ዕቤትን ክንክንን ህጻናት ማለት ስለዝኾነ፡ ሕብረተሰባትን ህጻናትን ብዛዕባ ኣገዳስነት ዘመናዊ ምዕቡል ደረጃ ሂወት ንምንቅሓም ኣበርክቶ ስለዘለዎ ማሕበራዊ መቐይሮ ዝፈጥር እዩ። እቲ ፕሮግራማት ስድራቤት ንነፍሰጾራትን መጥበውቲን ኣደታት ብኸመይ ከም ዝከናኸኑ፡ ህጻናት ብኸመይ ሕጉሳት፡ ጥዑያት፡ ጽቡቕ ኣመጋግባ ዘለዎም፡ ማሕበራዊ ውሕስነት፡ ርእሰ ተኣማንነት፡ ምስ ሕብረተሰቦምን ጉረባብቶምን ብኸመይ ከም ዝዋስኡ ክትገብሮም ይምህረካ እዩ። ከምኡ'ውን ህጻናት ፍቕሪ ምስ ዝጎድሎም ንኣካላዊ ዕቤቶምን ፍልጠቶምን ክሳብ ክንደይ ከም ዝጎድእ ንስድራቤት ይምህር። ባህላዊ ክብሪታት ሕብረተሰብ ብመገዲ ህጻናት ይመሓላለፍን ይዓሙቕን። እዚ ክብሪታት'ዚ ኣብ ህጻናት ቅድሚ ናይ ትምህርቲ ዓመታት'ዩ ዝጅምር። ብመገዲ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ድማ ዝያዳ ክሕይልን ክዓሙቑን ይኽእል። (ኣይፋንዝ፡ ማየረዝን ኤልፊልድን፡ 2000)

**ራብዓይ፦ ፖለቲካዊ ብልጫታት**

መድረኽ ህጻንነት ፖለቲካዊ ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ኣብኡ ዝግበር ምትእትታው ፖለቲካዊ ሳዕቤን ኣለዎ። (ዩነስኮ፡ GHR EFA; 2007) ምናልባት እቲ ፕሮግራም ንመንግስቲ ዘጋጥም ገለ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕ ኣገዳሲ ተራ ክጻወት ይኽእል እዩ። ዝተማልአ ፕሮግራም መድረኽ ህጻንነት ማዕረ ዕድላት ኣብ ምርግጋጽ ይሕግዝ እዩ። በዚ ድማ ህዝቢ ጸጋታትን ፖለቲካዊ ስልጣንን ብማዕረ ክማቀል ይኽእል። እዚ ኸኣ ብግደኡ ሰላምን ርግኣትን ኣብ ምፍጣር፡ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምርግጋጽን ኣብ ምሕያልን ከዓሙቕ ይኽእል። (ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ 1994) ኣብ ሰብኣዊ ርእሰ ማል መጠን ምኽሰብ ወፍሪ (2005) ከምቲ ኣብ ቊጠባዊ ምድግጋፍን ልምዓትን እዩ። 38/2005)

## 3-ፖሊሲ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ኣብ ኤርትራ

## ሀ- ፖለቲካዊ ሰነድ

ኤርትራ ኣብ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ተመኩሮ ድሕሪ ምጥራያ፡ ኣብ 2005 ፖለቲካዊ እማመ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣዳልያ። ነቲ ዝድለ ዕላማታትን ሸቶታትን ንምርግጋጽ እቲ ፖለቲካዊ ሰነድ ትካላዊ ቅርጺን መስመርን ይውስን። ብመገዲ ስምረትን ምቅርራብን ንኩሉ ንጥፈታት ኣብ ኩሉ ምምሕዳራዊ ደረጃታት ምትሕንፋጽ ኣገዳሲ ምዃኑ ኸኣ እቲ ሰነድ ይሕብር። ነቲ ፕሮግራም እትመርሕ ኣማእዛኒት ኮሚተ ፖሊሲታት ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት እያ። እዛ ኮሚተ'ዛ ከኣ ካብ ሚኒስተራት ሓፈሻዊ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ሃገራዊ ልምዓት፡ ፋይናንስን ትቐውም። ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝሓረዮ ሚንስተር ከኣ ይመርሓ። ቀንዲ ዕላማኣ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ንመንግስቲ ምኽሪ ምልጋስን ናይ ሓፈሻዊ ትካላት መምርሒ ምድላውን

ንጥፈታት ስራሕ ምምራሕን እዩ። ብመገዲ ሃገራዊ ኮሚቲ ንፕሮግራም ልምዓትን ትካል ዘተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነትን ዝውሃብ ተክኒካዊ ሓገዝ ምሕያል።
እዚ ትካል'ዚ ናይ ትግባረን ምክትታልን ምግምጋምን ውጥን ምድላው ሓላፍነት ኣለዎ። ትግባረ ፕሮግራም ንምክያድ ኣድማዕነት ናይ ኩሉ መደባት የውሕስ። ንመዓልታዊ ንጥፈታት ናይቶም ብደረጃ ዞባ፡ ትሕቲ ዞባን ቁሸትን ዝርከቡ ጉጅለታት ዕማም ዝከታተልን ዘወሃህድን ጉጅለ ሃገራዊ ምምሕዳር ይርከብ። እዚ ትካላዊ ቅርጺታት'ዚ ክሳብ ናብ'ቲ ዝድለ ቁሸት ይበጽሕ። ኣብታ ዝተመርጸት ዓዲ ካብተን ዝምልከተን ሚኒስትሪታት ዝቆመ ናይ ዓዲ ናይ ስራሕ ጉጅለ ይርከብ። ከም ሓደ ምሉእ ትካል ድማ ይሰርሕ። ናይ'ታ ዓዲ ዳይረክተር ከኣ ይመርሖ። (መንግስቲ ኤርትራ፡ 2005) እዚ ገለ ካብ'ቲ ኣብ ፖለቲካዊ ሰነድ ሰፊሩ ዘሎ ቀንዲ ነጥቢታት እዩ።

## ለ- ተመኩሮ ኤርትራ

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መስከረም 2000 ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ኣበጊሱ። ድምር ባጀት ናይ'ቲ ፕሮጀክት 49 ሚልዮን ዶላር ኣሜሪካ ክበጽሕ ከሎ፡ ካብኡ (40 ሚልዮን ዶላር) ለቃሕ ካብ ኣህጉራዊ ባንክ እዩ። እቲ ዝተረፈ (5 ሚልዮን ዶላር) ብናይ ኢጣልያ ምድግጋፍ ዝተለገሰ ክኸውን ከሎ፡ እቲ (4 ሚልዮን ዶላር) ከኣ ናይ መንግስቲ ተሳትፎ እዩ። ዕላማ ናይ'ቲ ፕሮግራም "ካብ ሽዱሽተ ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኦም፡ ኣብ ደረጃ ትምህርቲ ዝበጽሑን ፍሉይ ከለላ ዘድልዮምን ህጻናት ኣእምሮኣውን ጥዕናውን ዕብየት ንምርግጋጽ ዘኽእሎም መሰረታዊ ጠለባት ከም ክንክን ጥዕና፡ ቅድመ-ትምህርቲ፡ ምምዕባል ፍልጠትን ፍቕርን ምሕያል።" (መንግስቲ ኤርትራ ተበግሶ ልምዓት መድረኽ ህጻንነት፡ 1/2000)

<u>ነቲ እማመ ዘቆሙ ኣርባዕተ ቀንዲ ረቛሒታት</u>

ብቀዳምነት ጥዕና ኣደን ህጻንን እዩ። እዚ ድማ ከም ምቅራብ መድሃኒት፡ መሰረታዊ መሳርሒታት፡ ዓቕሚ ናይ'ቶም ኣብ ጥዕና ዝሰርሑ ምምሕያሽ፡ ናይ ምምሕዳር ኣበርክቶኦም ምዕባይ፡ ናይ ስድራቤት፡ ኮምን ካልእን ንጥፈታት ምምዕባል የጠቓልል። ካልኣይ ኣደን ህጻንን ምምጋብን ውሕስነት መግቢ ምርግጋጽን። እዚ ኣቓውማ'ዚ ንምክትታል ዕብየት፡ ምምሕያሽ ውሕስነት መግቢን ካልእን የውሕስ።
እቲ ሳልሳይ ኣብ መድረኽ ህጻንነት ዝካየድ ትምህርቲ እዩ። እዚ ድማ ምህናጽ መውዓሊ ህጻናት፡ ናይ ጸጋታት ማእከል፡ ምስልጣን ሰራሕተኛታት፡ መደብ ምጉስጓስ ወለድቲን ኮምን ካልእን የጠቓልል። ራብዓይ ደረጃ ድማ፡ መሰርሕ ምትሕንፋጽ ዘኽታማት፡ ነቶም ኣብ ሕማቕ ኩነታት ዝነብሩ ዘኽታማት ህጻናት ናይ ሓባር መንበሪ ምቛምን ስነ-ኣእምራዊ ሓገዛት ምሃብን ካልእን ዝሓቆፈ እዩ። (መንግስቲ ኤርትራ፡ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት፡ 2008)

## ኣብ ኤርትራ ዝተማልአ መደብ ትምህርቲ ኣብ መድረኽ ህጻንነት

ከም መፈለምታ እዚ ፕሮግራም'ዚ 419 ዓዲታት'ዩ ተተግቢሩ። ከምኡውን ቀጺሉ 116 ዓዲታት ጥራሕ ብምምራጽ ኣብኣተን ንምትኳር ውሳነ ተወሲዱ። እዚ ውሳነ'ዚ ዝተወሰደ፡ ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ህጻን ዝተፈጸመ ትግባረ ምትሕንፋጽ ዘምጽኦ ረብሓ ድሕሪ ምግምጋምን ትምህርቲ ምቕሳምን እዩ። ብልጫ ናይ'ዚ መደብ'ዚ ኣብቶም ዒላማ ዝተገብሩ ትሕቲ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሚኦምን ኣብ ኣሸጋሪ ኩነታት ዝነብሩን ህጻናት ብሰፊሑ ምብጽሑ እዩ።

**ሐ- ገምጋም ዝተማክአ ኣገልግሎታት**

ምቅራብ ዝተማልአ ኣገልግሎታት ጉኒ ጉኒ'ቲ ኣብ መጀመርታ ናይ'ቲ ፕሮግራም ኣብ 419 ዓዲታት ዝተተግበረ ንጥፈታት'ዩ ተተግቢሩ። ከም መበገሲ ንቅጣ ከኣ ኣብ ፕሮግራም ምሕደራ ዝተማልአ ጥዕናዊ ክንክን 116 ዓዲታት ተመሪጸን። ብውሕዱ ኣብ'ታ ዓዲ ኣብ ክሊ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ካልኦት ረጃሒታት ከም ዘለዉ ኣብ ግምት ምእታው። (ጸብጻብ ሓሙሽተ ዓመታት ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት፡ 2000-2005) ምምሕዳር ዝተማልአ ፕሮግራም ክንክን ጥዕና ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ህጻን ምስ ኣገልግሎት ጥዕናን መሰረታዊ ኣመጋግባን ምትእስሳር ስለዘለዎ ከም መበገሲ ንቅጣ ተመሪጹ። ዓዲታት ድሕሪ ምምራጸን ድማ፡ ዝተማልአ ኣገልግሎታት ተቀሪቡለን። ብተወሳኺ ከኣ ኣብተን ዝተረፋ ዓዲታት ዝተፈልየ መስርሕ ተኻዪዱ።

እቲ ፕሮግራም ንሓሙሽተ ዓመታት ቀጺሉ። ዝምስገን ዓወታት ከኣ ኣረጋጊጹ። ከምኡ'ውን ንነፍሲ ወከፍ ወገን ዝተመደበሉ ንጥፈታት ተዓሚሙ።

**ቀዳማይ ክንፊ፦** ኣብ ጥዕና ህጻንን ኣደን ብሰንኪ'ቶም ሓሙሽተ ዓይነት ሕማማት (ዓሶ፡ ውጽኣት፡ ብርቱዕ ረኽሲ ኣብ ስርዓት ምስትንፋስ፡ ፍሮማይን ሕጽረት ኣመጋግባን) ዝኸሰት መጠን ሞት ብ20% ንምጉዳል'ዩ ነይሩ። ኣብ መጨረሽታ ናይ'ቲ ፕሮግራም ከኣ ካብ'ቲ ዝተሓሰበ መጠን ዝያዳ ብምጉዳል 53.4% በጺሑ።

**ካልኣይ ክንፊ፦** ክንክንን ትምህርቲን መድረኽ ህጻንነት፡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፍሊታት እቲ ዕላማ መጠን ምሕላፍን ምትራፍን 20% ንምጉዳል'ኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ውጽኢት ግን 36% መጠን ምሕላፍ፡ 30% ከኣ መጠን ምትራፍ ተመዝጊቡ።

**ሳልሳይ ክንፊ፦** ነቶም ፍሉይ ከለላ ዘድልዮም ህጻናት ንምሕጋዝ ዝወጸ መደብ፡ ነቶም ምስ ኣዝማዶም ዝነብሩ ዘኽታማት ዘጠቓልል ኣይነበረን። እቲ ዕላማ ከኣ 32,000 ህጻናት ዘኽታማት ንምጥርናፍ'ዩ ነይሩ። እቲ ውጽኢት ግን 31,556 ዘኽታማት በጺሑ። እዚ ድማ ካብ'ቲ ዕላማ 98.6% ዝውክል እዩ።

**ራብዓይ ክንፊ፦** መጠን ዝርግሐ ጉድለት ሚዛን ናይ ትሕቲ ሰለስተ ዓመት ህጻናት ናብ 20% ንምውራዱ'ኳ እንተ ተሰርሐ፡ እዚ ግን ብሰንኪ'ቲ ካብ 2002-2005 ንኣርባዕተ ዓመታት ዝቀጸለ ድርቂ ክረጋገጽ ኣይከኣለን። (መንግስቲ ኦክላንድ፡ ምምሕዳር ልምዓት ገጠር፡ 2008)

እቲ ፕሮግራም ዘሕብን ውጽኢትን ጽልዋን`ዩ ኣረጋጊጹ። መደብ ጥዕና ኣደን ህጻንን ፍሉይ ውጽኢት ከም ዘመዝገበ'ዩ ዝግምገም። እዚ ድማ ብሳላ "ዝተመልአ ፕሮግራም ጥዕና ኣደን ህጻንን ዝተረጋገጸ እዩ። (2007) "XI- ሓደ ምኽንያት ዓወት ፕሮግራም ኣመጋግባ ኣደን ህጻንን፡ ብሳላ ኣብ ኣደን መላእ ሕብረተሰብን ዝተገብረ ጎስጓስን ምኽሪን፡ ጥዕናን ዕቤትን ህጻናት ብስሩዕ ንምክትታል ዝተዋህበ ማዕዳን ኣብ መርገጺታትን ኣገባብን እወታዊ ለውጢ መጺኡ።" ዝሓለፈ መወከሲ፡ (XII፡ ኣብ 2000 ንህጻናት ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘጥብዋ ባህርያውያን መጥበውቲ መጠን 52% ዝነበረ፡ ናብ 80% ክብ ኢሉ። ከምኡ'ውን ዝተማልአ ናይ ፈተነ ፕሮጀክት ምምሕዳር ንሕማማት ህጻናት፡ ምስ ፕሮግራም ሓፈሻዊ ምምሕዳር ብምትሕግጋዝ መጠን ሕጽረት ኣመጋግባ ናብ 28% ከም ዝጉደለ ኣቃሊዑ።" (ሃገረ ኤርትራ፡ ሰነድ ገምጋም ፕሮጀክት 2008) ኣብ መደምደምታ'ቲ ፕሮጀክት፡ ባንክ ኣብ ዝሃቦ ምስክርነት፡ "ዘዕግብ ትግባረ ነይሩ። ዕላማታት ናይ'ቲ

*ፕሮጀክት ብገሌሕ ተተግቢሩ። ካብ መንጎ ስርሒታት ዝተማልአ ናጻ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ሰለስተ ዓይነታት ኣብ ኣፍሪቃ ደቡብ ሳህራ ይርከብ። ኣብ ኤርትራ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ዘዕግብ ውጽኢት ብምርግጋጽ ተማእዛዝነት መንግስቲን ካልኦት ናይ ልምዓት መሻርኽቲን ዘጉልሕ እዩ። (መንግስቲ ኤርትራ፡ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት፡* 8/2008) *ፕሮግራም ትምህርቲ ናብ'ቲ ዝድለ ብርትዓዊ ኣገባብ ንምብጻሕ እወታዊ ኣሰር ነይሩዎ። መጠን መውዓሊ ህጻናት ብልዕሊ* 40% *ዛይዱ። መጠን ናይ'ቶም ኣብኡ ዝጸንበሩ ህጻናት ድማ ብ*300% *ወሲኹ። ካብዚ ማእከላት'ዚ* 97% *ኣብ ገጠር'ዩ ተሰሪሑ። እዚ ድማ ርትዓውነት ዘረጋግጽ እዩ። ብሳላ'ዚ መደብ'ዚ ኸኣ መጠን ጽሩይ ተጸንበርቲ ካብ* 4.5% *ኣብ መጀመርታ ዓመት ዝነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ናብ* 19% *ክብ ኢሉ።*

*ብተመሳሳሊ ነቶም ፍሉይ ኸለላ ዘድልዮም ህጻናት ዝውሃብ ሓገዝ ዕቤት ኣመዝጊቡ። ከምኡ'ውን ካብቶም ናብ ሕብረተሰብ ዝተጸንበሩ ዘኽታማት* 97% *ኣብ ትምህርቲ ዝለዓሉ ከም ዝነበሩ ጸብጻብ ናይ'ቲ ገምጋም ሓቢሩ። ካብኣቶም እቶም* 65% *ኣብ ክፍልታቶም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተርታ ብምውጽኦም ብልጫታት ዝረኸቡ እዮም። እቶም ዝተረፉ ኸኣ ካብ ራብዓይ ክሳብ ዓስራይ ተርታ ዝወጹ እዮም።" (መንግስቲ ኦክላንድ፡* PAD 2008) "XVI፡ *ኣብ መደምደምታ፡ እቲ ፕሮጀክት ብምቹእነቱ ይኹን ብኣድማዕነቱን ብቕዓቱን ተገምጊሙ እዩ። ስለዚ ኸኣ ብምችእነቱ ምስ ዕላማታት ልምዓት መንግስቲ ብዝሳነ ጠለባት ሕብረተሰብን ህጻንን ከም ዘማልአ እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።" ኣድማዕነቱ ብዝምልከት ድማ፡ "ተግባሪ ኣካልን መሻርኽቲን ብውጽኢት ናይ'ቲ ፕሮጀክት ዕጉባት እዮም።" ብቕዓት ብዝምልከት ከኣ፡ "ኩሉ መሳርሒታት ናይ'ቲ ፕሮጀክት ብልክዕነት ተሰሪሑሉ። እቲ ዝተወጠነ መደብ'ውን ኣብ'ቲ ዝተወሰነሉ ግዜ ተፈጺሙ።" (ኣቀዲሙ ዝተጠቕሰ መወከሲ፡* XIX

***መ- ዝተቀስመ ትምህርቲን ዘጋጠመ ብድሆታትን***

*እዚ ዓወታት'ዚ ብዘይ ብድሆታት ኣይነበረን። ንኩሉ ዝተፈላለየ ስርሒታት ምውህሃድ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን።*

*ኣብ መጀመርታ፡ እቶም ተረባሕቲ ናይ ስራሕ ድሌታቶም ናብ ውልቂ ዘዘንበለ'ዩ ነይሩ። ኣብ ክንዲ ናይ ሓባር ኣገባብ ዝኽተሉ ከኣ፡ ንናይ ውልቆም ፕሮጀክቲታት ቀዳምነት ይህቡ ነይሮም።*

*ካልኣይ፡- ኣብ መጀመርታ፡ ነቲ ፕሮጀክት ዝገሲ መሰረታዊ መጽናዕቲ ኣየጋጠመን።*

*ሳልሳይ፡- ኣገልግሎት ሰራሕተኛታት ደው ንምባልን ንምግዓዞምን ነቲ ስራሕ ንምቅጻልን ንምክትታልን ካልኦት ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ንምቁጻርን ዝተወስደ ስጉምቲ ዝፈጠሮ ሽግራት ናቱ ኣሉታዊ ጽልዋ ነይሩዎ። እቲ ፕሮጀክት ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ፋይናንሳዊ ቀጻልነት ኣብ ስግኣት ወዲቑ። ብኸምቲ ዝጀመሮ ሓባራዊ ኣገባብ ኣገልግሎት ከቅርብ ድማ ኣይከኣለን።*

*ኣብ መደምደምታ፡ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ዘሕብን ውጽኢትን ጽልዋታትን ከም ዘመዝገበ ይፍለጥ። ንዝተረኸበ ተመኩሮ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝተማልአ ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ንዝያዳ ኣድማዕነት ዘተባብዕ እዩ። ብመሰረት'ቲ ዝተኻየደ ክትዓትን ምርምራትን እቲ ፕሮግራም፡ ምስ ማሕበራዊ ፍትሒ ጥቡቕ ዝምድና ዘለዎ ሓሙሽተ ቀንዲ ዕላማታት ዘረጋግጽ እዩ።*

**ቀዳማይ፦** ማሕበራዊ ፍትሒ መዓርነት ዘሐይል እዩ። ንመጻኢ ኸኣ፡ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ብመገዲ ምርግጋጽ ማዕረ ዕድላት፡ መሰረት ህንጻ ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ክኸውን እዩ።

**ካልኣይ፦** ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ፍትሓዊ ልምዓት ሰብኣዊ ጸጋታት ዘሓትት እዩ። ነዚ ድማ ብኣድማዕነት ብመገዲ ፕሮግራም ልምዓት ብቀሊሉ ከተረጋግጾ ዝከኣል እዩ። ኣብ'ቲ ኣገዳሲ መድረኽ ዕድመ ኣደን ህጻንን ኣጠቓላሊ ጠለባት ንምፍጻም ምትእትታው ይሓትት እዩ።

**ሳልሳይ፦** ማሕበራዊ ፍትሒ ዝበለጸን ፍትሓውን ትምህርቲ ከተዳሉ ዝሓትት እዩ። ነዚ ውጽኢት'ዚ ንኽተረጋግጽ ድማ፡ እቲ ፕሮጀክት ቅድሚ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘሎ መድረኽ ኣድማዒን ውጽኢታውን ክኸውን ኣለዎ።

**ራብዓይ፦** ማሕበራዊ ፍትሒ ህጻናት ብዝለዓለ ደረጃ ዓቕሞም ንኽማዕብሉን ክቡር ሂወት ንኽሕልፉን መሰል ይህቦም እዩ። እዚ ገለ ካብ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ብልጫታት መሰረታዊ መትከላት ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት እዩ።

ኣብ መጨረሽታ፡ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ብርእሰ ምርኮሳ ርእሰ-ተኣማንነት፡ ምኽባር ሰብኣውነት፡ መዓርነት፡ ሓድሕዳዊ ምክብባር፡ ክንክን፡ ምኽባር ስድራቤት፡ ፍቕሪ ሃገር፡ ማሕበራዊ ሓላፍነት ዝግለጽ ምዕቡል ባህሊ ንምዕዋት'ዩ ዝሰርሕ። እዚ ክብሪታት ንምስራጽ ዝዓለመ ኣድማዒ እስትራተጂ እዩ። ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ኣብ ዝኾነ ሃገር ፍትሓዊ ሰብኣውን ማሕበራውን ልምዓት ንምርግጋጽ ዝዓለመ እስትራተጂ ስለዝኾነ ምዕዋት'ዚ ፕሮግራም'ዚ ኣብ ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘሐይል እዩ።

**ጉዑዞ ናብ ኣደ፦** ዝተማልአ ነባሪ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ኣገልግሎት ዝህብ ዋንነት ሕብረተሰብ እዩ። እዚ ሓድሽ ሓሳብ'ዚ ብብዙሕ ሸነኻት ሕሉፍ ተመኩሮ ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ብምጥቃም፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝተረኽበ ተመኩሮ ክሃንጽ ይኽእል። ነዚ ሓድሽ ሓሳብ'ዚ ንምትግባር ሓደ ካብ'ቲ ዝቀለለ ኣገባባት፡ ዝተሃንጸ ትሕተ-ቅርጺ፡ ዝተፈላለየ መጽናዕቲታት ከም ህጻናት ብዝምልከት ዝተጠርየ ውሽጣዊ ፍልጠት፡ ናይ ጎስጓስ መሳርሒታት፡ ኣብ ክሊ'ዚ ፕሮግራም'ዚ ዝማዕበለ ሰብኣዊ ዓቕሚታት እዩ። ቀጻልነት፡ ምቹኡነትን ኣድማዕነትን ናይ'ዚ ፕሮግራም'ዚ ንምውሓስ፡ ምትእትታው ዋንነት ውሽጣዊ ሕብረተሰብ ክኸውን ብሓገዝ ዝምልከቶ ኣካል ድማ ብእኡ ክመሓደርን ኣለዎ። ንወጻኢታቱ ብዝምልከት ከኣ ብኣድማዕነት ክትግበር ኣለዎ። ጉዳይ ቀጻልነት ብክልተ መገዲ፡ ቀጻልነት ውጽኢትን ፋይናንሳዊ ቀጻልነትን ክርአ ኣለዎ።

**ቀዳማይ፦** ቀጻልነት ውጽኢት፡ ውጽኢታት ብደረጃ ውልቀ-ሰብ፡ ስድራን ሕብረተሰብን ግድን ቀጻሊ ክኸውን ይግባእ። እዚ ድማ ንኣመጋግባ ኣደን ህጻንን ጥዕናኦምን ስነ-ኣእምራዊ፡ ማሕበራውን ፍልጠታውን ዕቤቶምን ዝጸሉ እወታዊ ባህርያት ዘጠቓለለ እዩ። እቶም ዝድለዩ ወገናት ነቲ ኣድላዪ ባህሪ ዝዓቀቡ ምስ ዝኾኑ፡ ውጽኢት ቀጻሊ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ካልኣይ፦** ፋይናንሳዊ ቀጻልነት፡ እንተ ድኣ ቀጻሊ ውጽኢት ንምርግጋጽ ቀጻልነት ፕሮግራም ውሑስ ኮይኑ፡ እቲ ምትእትታው ብፋይናንሳዊ መዳይ ቀጻሊ ክበሃል ይከኣል። ስለዚ ከኣ እቲ ፕሮጀክት ካብ ባጀት መንግስቲን ኣበርክቶ ሕብረተሰብን እንተ ተመዊሉ ውሑስ ክበሃል ይከኣል። ኩለን ዝምልከተን ትካላት ኣብ ስሩዕ ባጀተን ሓደ ኣጀንዳ ካብ ኣጀንዳታት ዝተማልአ ክንክን

መድረኽ ህጻንነት ኣብቲ ጽላተን ዝቅርቦ ነጥቢታት የእትዋ። ነፍሲ ወከፍ ጽላት ዝለዓለ ውጽኢት ዘረጋግጽ ኣገልግሎት ንምቅራብ ዘኽእል ኣድማዒ ወጻኢታት ይገብር። ሕብረተሰብ ነቲ ዝስከሞ ወጻኢታትን ብኸመይ ይሸፍኖን ክውሰን ኣለዎ። ወለንተኛታት ግቡኦም ብዝተማልአ ንኽፍጽሙን ንምትብባዖምን ብዓይነትን ገንዘብን ምሕጋዝ። ሓደ ካብ'ቲ ዘይልወጥ ሓቂታት፡ ሕብረተሰብ ዝትግብሮን ዝሕግዞን ንጥፈታት ዓወት ዘውሕስ እዩ። (ዩኒሰፍ ተመልከት፡ 2055፡ ትካል በርናርድ ፋንሊር 2007፡ ቁጽሪ 109) ማሕበረሰብ ዘቅርቦ ኣገልግሎታት ኣብ ትሕቲ ሰለስተ ቀንዲ ነጥቢታት ንሳተን ከኣ፡ ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት፡ ዓይነት ናይ'ቲ ዝድለ ምትእትታውን ናይ ትግባረ መካኒዝምን ዝምልከት ክትዕ ይካየደሉ።

**ሀ- ውድባዊ ቅርጺ ኣገልግሎት ንምሃብ፥** ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ምምሕዳር ዝተማልአ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ኣብ ሕብረተሰብ ይመርሕን የወሃህድን። ዳይረክተር ሕብረተሰብ ወይ ዓዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ሓላፍነት ናይዚ ዕማም'ዚ ይስከም። ኩሎም ልምዓት፡ ክንክን ጥዕና፡ ኣመጋግባ፡ ምሕያል ክለላ ህጻናትን ብልጽግና ኣደን ዝምልከቶም ኣካላት ከም ሓደ ዝተማልአ ኣሃዱ ነቶም ዝምልከቶም ወገናት ኣገልግሎት ይህቡ። እዘን ትካላት እዚኣተን ከኣ፡ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ምምሕዳር፡ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሚኒስትሪ ሓፈሻዊ ጥዕና፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ ዜናን ሃገራዊ ኣካል ክንክን ህጻንን ስድራቤትን ይሓቁፍ።

**ለ- ዓይነት ዝውሃብ ኣገልግሎታት፥** ኩሎም ዝምልከቶም ወገናት፡ መደብ ንምጅማር ኣብ ዝካየድ ምድላዋት ይትሓጋገዙ። እዚ ድማ ገለ ካብ'ቲ ዝሓቑፎ መደባት፡ ኣብ መትከል ርትዒን ማሕበራዊ ፍትሒን ብምምርኳስ፡ ነቶም ዝድለዩ ወገናት ምምራጽ፡ ጠለባት ንምቅራብ ስጉምቲታት ምውሳድ፡ ዕላማታትን ሸቶታትን ምስኣል፡ መካኒዝም ምድላው፡ መትከላት ሓፈሻዊ መምርሒታትን ናይ ስራሕ ክሊን ካልእን ምስንዳእ። ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ ዝቀርብ ኣገልግሎት ብምውህሃድ ብኣጠቓላሊን ምሉእን ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ምምሕዳር ይቀርብ። ካብዚ ቀጺልና ገለ ካብቶም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ብመሰረት ዝግበር ናይ ጠለባት ገምጋም ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ ዝቀርቡ ሰብኣዊ፡ ነገራውን ፋይናንሳውን ጸጋታት ናይ ዝተማልአ ፕሮግራም ትምህርቲን ክንክንን ህጻናትን ኮተቴን ነቅርብ። ብመሰረቱ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣሃዱ ዝፍጸም ንጥፈታት ብዝለዓለ መልክዕ ነዚ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ ተመኩሮ ኤርትራ ዝመሳሰል እዩ።

**ቀዳማይ፦** ጥዕና ኣደን ህጻንን ሓላፍነት ሚኒስትሪ ጥዕና እዩ።

**ካልኣይ፦** ኣመጋግባ ኣደን ህጻንን ውሕስነት መግቢን ሓላፍነት ሚኒስትሪታት ጥዕናን ሕርሻን እዩ። ካልኦት ምስዚ መደብ'ዚ ምትእስሳር ዘለዎም ትካላት ከም ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ድማ ክሳተፋ ይኽእሉ።

**ሳልሳይ፦** ኣብ መድረኽ ህጻንነት ትምህርትን ክንክንን፡ ምስትምሃር ወለድቲ፡ ከምኡ ድማ ትምህርቲ ንዓበይቲ ሓላፍነት ሚኒስትሪ ትምህርቲ እዩ። ፍሉይ ጠለባት ዘለዎም ህጻናት ኣቀዲምካ ምፍላጥን ምሕጋዞምን ብዝምልከት እዚ ዕማም'ዚ ምስ ዝምልከተን ሚኒስትሪታት ከም ሚኒስትሪ ጥዕናን ማሕበራዊ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ብምትሕግጋዝ ይፍጸም።

***ራብዓይ፡-*** ምሕላው ህጻን፡ ነዚ ስራሕ'ዚ እተወሃሀድ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን እያ። ኣድላዪ ምስ ዝኾውን ከኣ ምስቲ ስራሕ ምትእስሳር ዘለወን ትካላት ከም ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ምምሕዳር ኣብ ምምዝጋብ ዝውለዱ ህጻናት፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ ምስ ሕጊ ምትእስሳር ኣብ ዘለዎ ጉዳይ ክትሳተፍ ትኽእል።

***ሓሙሻይ፡-*** ዜናዊ ርክባትን ጎስጓሳት ወፍሪን፡ እዚ ሓላፍነት ሚኒስትሪ ዜና እዩ። ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ምምሕዳርን ሃገራውያን ጉጅለታት ባህሊን ካልኦትን ድማ ከተሳትፍ ትኽእል። ክዝርጋሕ ዘለዎ ጽሑፋትን ሓበሬታታትን ካብ ዝምልከቶም ትካላትን ካብ ሰነዳት ናይ ጎስጓስን ምንቅቓሕን ኣህጉራዊ መደባት ብዛዕባ መድረኽ ህጻንነትን ይእከቡ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ብደረጃ ሃገር ዝበለጸ ስራሕ ተዓሚሙ እዩ።
***ሻዱሻይ፡-*** ማይ፡ ረሳሕ ፈሳሲ፡ ጽሬትን ምዕቃብ ኣከባቢን፡ ነዚ ዘወሃሀድ ሚኒስትሪ ጥዕና እዩ። ምስ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን ኮይኑ ከኣ ስራሕ የወሃህድ። ጥዕና ቤት ትምህርቲ ብዝምልከት ድማ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ይሰርሕ።

***ሻቡዓይ፡-*** ጓል ኣንስተይቲ ነፍሳ ንኽትክእል ምሕጋዝ። ነዚ ሓላፍነት ዝስከም ቀንዲ ትካል ድማ ሃማደኤን ዩኒቨርስቲን እዮም።

***ሻሙናይ፡-*** ምድላውን ምክትታልን ፕሮጀክት፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ምምሕዳር ኮይኖም ብሓባር ነዚ ዕማም'ዚ ይትግብሩ። ብተወሳኺ ኩሎም ወገናት ነቲ ፕሮጀክት ይግምግሙን ይከታተሉን።

***ታሽዓይ፡-*** ዝያዳ እቶት፡ ሕብረተሰብ መነባብሮኡ ንምምሕያሽን ንኣበርክቶ ወለንተኛታት ሕብረተሰብ ኣብ'ቲ ዘካይድዎ ንጥፈታት ንምድራኽን እቶት ዘዕቢ ንጥፈታት የካይዱ። እዚ ንጥፈታት'ዚ ኸኣ ብሓባር ብሕብረተሰብ ወይ ብውልቂ ነቶም ኣብ ሕብረተሰብ ሓገዝ ዘድልዮም ስድራቤት ብዝግበር ስራሕ ይውነን። ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ምምሕዳር ብሓገዝ ኩሎም ዝምልከቶም ወገናት ነቲ ንጥፈታት የወሃህድ።

***ሐ- ኣገልግሎት ምቅራብ መካኒዝም፡*** ኣገባብ ኣቀራርባ'ዚ ኣገልግሎታት'ዚ ብዕድመ ህጻናትን ድለታቶምን ስድራቤቶምን ማሕበረሰብን ፍሉይነት ነፍሲ ወከፍ ኩነትን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ዓወት ናይ'ቲ ምትእትታው ንምውሓስ ኸኣ ምትዕጽጻፍ ኣገዳሲ ይኸውን። ቀጺልና ገለ ካብ'ቲ ኣብ ፕሮግራም ልምዓት መድረኽ ህጻንነት ዝህሉ ናይ ምትእትታው ኣገባባት ነቕርብ።

***ቀዳማይ፡-*** ምውሳእ ብዝሰፍሐ መልክዕ፡ ካብ መጀመርታ ፕሮግራም ብደረጃ ጨንፈር ከባቢታት፡ ዞባውን ሃገራውን ዝተወሰነ ግድን ክትግበር ዘለዎ መስርሕ እዩ። እዚ ምውሳእ'ዚ ከም ምንቅቓሕ፡ ምሕያል ጓል ኣንስተይቲ፡ ውሕስነት መግቢን ካልእን ዝኣመሰለ ንጥፈታት ዘጠቓልል እዩ። ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ዝኾነ መድረኻት ምምዕባል ወይ ምስፋሕ ፕሮግራም ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣገልግሎት ንምሃብ ዝሰፍሐ ኣገባብ ምኽታል ይከኣል። እቲ ዝሰርሓሉ ኣገባብ ዝኾነ ይኹን፡ ንነበርቲ'ቲ ከባቢ ወይ ዞባ ናይ ኣድማዒ ተሳትፎን ምሉእ ሓላፍነትን ውሕስነት ዝህብ መሰረት እዩ።

**ካልኣይ፦** ናይ ገዛውቲ ዑደታት፡ ነዚ ዑደታት'ዚ ዘካይዱ ወለንተኛታት ሕብረተሰብን ክኢላታት ሰራሕተኛታት ማሕበረሰብን እዮም። ናብ ትሕቲ ሰለስተ ዓመት ህጻናትን ኣባላት ስድራኦምን ምትኳር የድሊ። ኩነታት ህጻናት ብምቅራብ ኣድላዪ ስጉምቲታት ይወስዱ። ብተወሳኺ ከኣ ኣባላት ስድራቤቶም ምሕጋዝ።

**ሳልሳይ፦** ማሕበራዊ ምውሳእ፡ ኩሎም ህጻናት ሕብረተሰብ ዝደልይዎ ኣገልግሎት ምእንቲ ክረኽቡ ናብ ማእከል ሕብረተሰብ ምውሳድ። ወከልቲ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ጽላታት፡ ሰራሕተኛታት ሕብረተሰብ፡ ምስ ወለንተኛታት ሕብረተሰብ ብምትሕግጋዝ ዕማማቶም ይትግብሩ። እቶም ካብ ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ማእከላት ክንክን ህጻናት ወይ መውዓሊ ህጻናት ካብ ቅድመ ትምህርቲ ምስ ዕድሚኦም ዝሳነ ካልእ ኣገልግሎት ክጥቀሙ ይኽእሉ። ኩሎም ኣባላት ስድራ ህጻን ብመሰረት ድሌታቶም ከም ጥዕና፡ ኣመጋግባ፡ ትምህርቲ፡ ረሳሕ ፈሳሲ፡ ጎስጓስን ውሕስነት መግቢን ካልእን ካብቲ ስርሒታት ብዝስተፈልየ መልክዕ ክረኽቡ ይኽእሉ። ምናልባት እቲ ዕማም ከም ንእሽቶ ፕሮጀክት ጀሚሩ ኣብ ዝቕጽል ክሰፍሕ ይኽእል።
ምናልባት ማሕበራዊ ማእከል፡ ከም ናይ ዝተፈላለየ ጉዳያት ማእከል ክሕሰብ ይኽእል። ናይ ወለንተኛታት ማእከል መሰልጠኒ እዩ። ከምኡውን ናይ ኣኼባታት፡ ዋዕላታትን ጎስጓሳትን ኣደራሽ፡ ማእከል ምንጪታት፡ ናይ ዝኾነ ካልእ ምስ ሕብረተሰብ ምትእስሳር ዘለዎ ንጥፈታትን ምርምርን ምክትታልን ገምጋምን መበገሲ ንቁጣ እዩ።

## መወከሲታት


1-Berk, Laura E.(2005). Infants and Children: Prenatal Through Middle Childhood. (Fifth Ed.). Pearson, USA.
Bernard van Leer Foundation Magazine, 2007, no.109. The Netherlands.

2-Eritrean People's Liberation Front. (1994). A National Charter for Eritrea.

3-Evans Judith L., Myers, Robert G., Ilfeld , Ellen M. (2000).
Early Childhood Counts. The World Bank, Washington D.C.

4-Firebrace J. and Holland Stuart (1989). Never Kneel Down. Red Sea Press

5-Gaag, Jacques van der. (2000). From Early Child
Development to Human Development. In Young (ED.), From Early Childhood Development, (pp.63- 78), World Bank, Washington D.C.

6-Government of Malawi. (2006). IMCI Approach Policy for
Accelerated  Child Survival and Development in Malawi, Ministry of Health, Lilongue.

7-Hyde, A.L. and Kabiru, Margaret N. (2006). Early Childhood Development as an Important Strategy to Improve Learning Outcomes, ADEA, Paris.

8-Iglesias, Erique V. and Shalala, Donna E. (2000). Narrowing the Gap for Poor Children. In Young, M.E. (ED.), From Early Childhood Development. (pp. 363- 374). The World Bank, Washington D.C.

9-Jaramillo and Mingat cited in UNICEF Report, 2015.

10-Jaramillo, Adriana, Mingat, Alain. (2008) Early Childhood Care and Education in Sub-Saharan Africa: What Would it Take to Meet the Millennium Development Goals? In Garcia, Pence, Evans
(ED.),

11-Africa's Future Africa's Challenges, (pp. 51-70), The World Bank, Washington D.C.

12-MoE (2010). Draft Education Policy.

13-Mustard, J. Fraser. (2000). Early Child Development and the Brainthe Base for Health, Learning, and Behavior Throughout Life. In Young (ED.), From Early Child Development (pp. 23-61). The World Bank, Washington D.C.

14-OECD (2006) Starting strong II: Early childhood education and care, Organization for Economic Co-operation and Development.

15-Penn, Helen (2008) Understanding early childhood: Issues and controversies, 2nd ed., Penn, Helen (2008) Open University Press; McGraw-Hill Education, Berkshire, England.

16-The Government of Eritrea. (1994). The Micro Policy for the State of Eritrea.

17-The Republic of Ghana. (2004). Early Childhood Care and Development Policy. Ministry of Women and Children's Affairs, Accra.

18-The State of Eritrea (2005). ECD 5 years Report20002005(Unpublished).

19-The State of Eritrea (2000). IECCD Project Implementation Manual (Unpublished).

The State of Eritrea (2005). Draft Eritrean ECD Policy.
Asmara

20-The State of Eritrea (2008). ECD Project Appraisal Document. (Unpublished).

21-The World Bank, (2006). Repositioning Nutrition as Central to Development- A Strategy for a Large –Scale Action, The
World Bank

22-UNESCO. (2007). EFA Global Monitoring Report. Oxford University Press, UK
WWW.thelancet.com Vol. 378 October 8, 2011

23-Young M. Eming (2000). Introduction and Overview. In Young (ED.), From Early Child Development (pp.1-19) World Bank, Washington D.C.

24-Young, M. Eming (1996). Early Child Development: Investing in the Future. The World Bank, Washington D.C.